# ካብ ፋይዘር ዝመጹና ብዝሒ ክታበታት ካብ ዝተጸበናዮ ክውሕድ እዩ

ኣብ ወርሒ ሓምለ፡ ነሓሰን መስከረምን ካብ ፋይዘር ዝመጹ ብዝሒ ክታበታት ካብ ዝተጸበናዮ ክውሕድ እዩ። ትካል ህዝባዊ ጥዕና ኣብ መደብ ክትበት ዝኸሰቱ ምድንጓያት ንምሕጻር ጋግ ግዜ ክታበታት ከነስተኻኽሎን ዝተፈላለዩ ክታበታት-mRNA ክንህብን ምሕጽንትኦም ሂቦምና ኣሎዉ።

- ንክታበታት ዝምልከት እወታውን ኣሉታውን ሓበሬታ ክመጸና ከምዝኽእል ካብ መጀመርታ ኣትሒዝና ተዳሊናሉ ዝነበርና እዩ። ዝሓለፈ ሰሙን ምስናይ ይቅሬታ ኣሉታዊ ሓበሬታ፡ዩ መጺኡና። ኣብ ወርሒ ሓምለ፡ ነሓሰን መስከረምን ዝመጹ ክታበታት ፋይዘር ኣጸቢቖም ክውሕዱ እዮም። ጎኒ ጎኑ ድማ ኣብ ወርሒ ሓምለን ነሓሰን ክታበታት ሞደርና ክውስኽ ብምኳኑ ነቲ ብሰንኪ ዋሕዲ ክታበታት ፋይዘር ዝፍጠር ሃጓፍ ኣብ ምጽባብ ገለ ተራ ክጻወት እዩ ይብል ሚኒስተር ጥዕናን ክንክንን ቤንት ሀይየ።

ኣብ ወርሒ ሰነ ካብ ፋይዘር ልዕሊ 300 000 መራፍእ ክታበት ክመጻና ትጽቢት ኣሕዲርና ኣለና። ኣብዘን ዝስዕባ ሰለስተ ኣዋርሕ  ትጽቢትና ናብ 200 000 መራፍእ ክታበት ኣውሪድናዮ ኣለና። ብውሁሉል ክርአ ከሎ ካብቲ ዝተጸበናዮ ብ900 000 መራፍእ ክታበት ቀኒሱ ኣሎ ማለት እዩ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ቀዳመሰንበት ትካል ህዝባዊ ጥዕና እዚ ንመደብ ክትበት ዘምጽኣሉ ሳዕቤናት ገምጊሞ ኣሎዉ። ኣብ መንጎ ቀዳማይን ካልኣይን መራፍእ ክታበት ዘሎ ጋግ ግዜ ናብ 12 ሰሙን ክምለስ ምሕጽንትኦም ሂቦምና ኣሎዉ። ትካል ህዝባዊ ጥዕና ከም ብዝብልዎ ዘለው ፋይዘርን ሞደርናን ከም ቀዳማይን ካልኣይን መርፍእ ሓዋዊስካ ምሃብ እውን ይከኣል ይኸውን ከም ምኳኑ ኢዩ። ክታበታት ካብ ዝተጸበናዮ ንላዕሊ እንተደኣ መጺኦምና ለውጥታት ክመጽኡ ይኽእሉ ኢዮም። መንግስቲ ነዞም ምሕጽንታታት እዚኦም ብወገንኑ ይሰማማዓሎም እዩ። ምስትኽኻል ጋግ ግዜ ብቕጥታ ክትግበር እዩ።

ጆግራፍያዊ ምምቕራሕ ከምቲ ዝመደብናዮ ኣብ መበል 29 ሰሙን (19.07-25.07) ክኸትም እዩ።

- ክታበታት ብምቕናሶም ምስ ህሉው መደብ ክታበት ብምንጽጻር ኩሎም ልዕሊ 18 ዝዕድሚኦም ሰባት ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ዝውግኡሉ ግዜ ብኣስታት ሓደ ሰሙን ክደናጎ እዩ፡ ካልኣይ መርፍእ ክታበት ድማ ብኣስታት ክልተ ሳምንታት ክደናጎ እዩ። ጋግ ግዜን ቀረብ ክታበታትን ይቀያየር ብምህላዉ ንኡሳን ዞባታት ክኽተሎኦ ከም ዝኽብደን ፈሊጠ ኣሎኹ። ነዚ ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት ብኸመይ ክተሓሓዞኦ ከምዘለወን ትካል ህዝባዊ ጥዕና ክሕብሮም እዩ፡ ከምኡ'ውን ንክትበት ዝምልከት ዝስራሕ ዘሎ ዓብን ኣገዳስን ስራሕ ምስጋናይ ዳግማይ ክገልጽ እፈቱ ይብል ሀይየ።

**ግስጋሰ ክትበት ክሳብ ሕጂ**

ብመሰረት መደብ ክትበትና ክኸተቡ ዝደልዩ ብዙሓት ኢዮም ዘለዉ። ሎሚ መዓልቲ ወይ ጽባሕ ሓድሽ ኣገዳሲ እምነምዕራፍ ክንበጽሕ ኢና፡ ንሱ ድማ 2 ሚልዮን ሰባት ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ክውግኡ’ዮም።

- ብጽሒት ቀዳማይ መርፍእ ክታበት ዝተወግኡ ልዕሊ 65 ዓመት ዝዕድሚኦም ሰባት- 94,6 %
- ብጽሒት ቀዳማይ ክታበት ዝተወግኡ ልዕሊ 55 ዓመት ዝዕድሚኦም– 87,6 %
- ብጽሒት ቀዳማይ ክታበት ዝተወግኡ ልዕሊ 45 ዓመት ዝዕድሚኦም – 77,64 %